# ሓጺር
# መጽሓፍ ንባብ
## ብትግርኛ

"ኣርብዓን ኣርባዕተን ዘንታ ።"

ብይስሃቅ ተወልደ መድህን

ተጻሕፈ ።

ብሓልዮት ማእከላይ ምርምርን ሓበሬታን
ኤርትራ ምስ ናይ ኤርትራ ልምዓት
ማሕበር ኣብ ሆላንድ ብምትሕብባር
ተሓትመ።

## መ ቅ ድ ም ።

እዚ ንእሽቶይ መጽሓፍ ንባብ ትግርኛ ፡ መታን ተምሃሮ ንባብ ኪመሃሩሉ ፡ ተሓቲሙ ይወጽእ ኣሎ ። ናይ ኣብያተ—ትምሀርቲ መሃዛይ ክፍሊ ፡ (ንኤርትራ ዜመሓድር ሰራዊት እንግሊዝ)፡ ብዙሓት ደቀባት መምህራን ኣሕዲሩ ኣሎ ። ሓያሎይ ካበታቶም ካልኣት ትጉሃት ሰባትን ኣብ'ዚ ዚሕተም ዛንታታት ሰዲዶም ። ሽም ነፍስ–ወከፎም ድማ ፡ ኣብ እግር'ቲ ዝሰደድዎ ዛንታኦም ፡ ተጽሒፉ ኣሎ ። ስለ ጽቡቕ ሓሳቦምን ጻዕሮምን ፡ ከም ኡ'ዉን ግብጣን ኪነስተን ስኔል ፡ ሓለቓ ኣብያተ — ትምሀርቲ ፡ ኣብ ኤርትራ፡ "እጆኻ ጸሓፍ„ ኢሎም ስለ ዘበርትዑንን ዝሓገዙንን ንዅላቶም ናይ ልቢ ምስጋና ኤቕርበሎም ኣሎኹ ።

ቅድም ሎሚ ፡ ተምሃሮ ዜንብብዎ ዛንታ ፡ ኣብ ሰሙናዊ ጋዜጣ ፡ ኣብ ሰሰሙን ተሓቲሙ ይወጽእ ነይሩ ። ሕጂ ድማ እቲ ናይ ማሕተም መሃዛይ ክፍሊ ፡ ነቲ ቀደም ተሓቲሙ ዚወጽእ ዝነበረ ዛንታታት ከም በሓዲሽ ኪሕተሙ ስለ ዝፈቐደ ፡ ናይ ልቢ ምስጋናይ ኤቕርበሉ ኣሎኹ ።

እዚ መጽሓፍ ንባብ፤ ንተምሃሮ ዜሓጕስ ፡ ከም ዓቕሚ ኣእምሮኦም፡ ኬስተውዕልዎ ብዚኽእሉ ኣጸሓሕፋ ኢዩ ተጽሒፉ ዘሎ ። ኣብኡ ንሳቶም፡ ሓጺር ጽውጽዋይ፡ ዛንታታት ፡ መዛሙር ፡ ምስላታት ፡ ካልእ ነገር'ውን ኬንብቡ ኢዮም ። ስለ'ዚ መምህራን ኣብ'ቲ ዛንታታት ንተምሃርኦም ጥቕምን ትምህርትን ኣለዎ እሞ፡ መታን ፈተውቲ ምሀሮ፡ ዓየይትን ንሱሓትን ኪኾኑ ኬነቓቕሕዎም ተስፋ እናገበርኩ ፡ ንመዓላ ይግበሮ ኢለ እምርቕ ኣሎኹ ።

ይስሃቅ ተወልደ መድህን ።

ኣስመራ ፳ ሓምለ ፲፱፻፴፮ ዓ ም ።